# ኤረቲቪ ናይ ሓቒዶ ናይ ሓሶት ኣገልጋሊት

“ኣገልጋሊት ናይ ሓቂ” (serving the truth) ብዝብል መለለዪ ክትፍለጥ እትደሊ ናይ ስርዓት ኢሳያስ መደብ ፈነወ ተለቪዥን ኤርትራ፡ ንኤርትራ ኣብ ዝምልከት ፈነውኣ፡ ንጥሜት ብጽጋብ፡ ንድርቕን ብርሰትን ብልምዓት፡ ንግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብኽብረት ሰብኣዊ መሰላት፡ ንስዕረት ብዓወት ክትገልጽ ከላ፤ ኣብ ጐረባብቲ ይኹን ዋላ ኣብ'ተን ምዕቡላት ሃገራት ምዕራብ ንዝምልከት ድማ፡ ጽቡቐን ገዲፉ፡ ነቲ ሕማቕ'ዩ እትብሎ ለቃቒማ፡ ከተካፍእን ከተጸልምን እትውዕልን እትሓድርን “ኣገልጋሊት ናይ ሓሶት” ምዃና ዘካትዕ ኣይኮነን።

ኤሪ-ቲቪ ይኹን ካልኦት ናይ'ቲ ስርዓት ናይ ዜና ማዕከናት፡ ብዛዕባ'ቶም ብፖለቲካዊ እምነቶም ካብ'ቲ ስርዓት ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ሰለዘለዎም ጥራሕ ዝተመቕሑ ኣባላት ህግደፍን ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን ናጻ ዝኾኑ ውልቀ-ሰባትን፤ ብዛዕባ'ቶም መንግስቲ ናይ ዘይፈልጦን ዘይመዝገቦን ሃይማኖት መራሕትን ኣባላትን ከንኩም ተባሂሎም እተኣስሩ፤ ብዛዕባ'ቶም ንመንግስቲ ዝወቐሱ ሓተታታት ኣስፊርኩም ተባሂሎም ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ንዓመታት ዝተኣስሩ ንጹሃት ጋዜጠኛታትን፣ ብዛዕባ'ቶም ማእለያ ዘይብሎም ንስደት ዝውሕዙን ንሓደጋታት ምድረ-በዳታትን ውቅያኖሳትን ዝቃልዑን ዘለዉ ኤርትራውያንን ብጭቕ ኢለን ተዛሪበን ኣይፈልጣን ኢየን። እንተተዛሪበን ድማ፡ ሓሶትን ጸለመን እምበር፡ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኸውን ሓቂ ውን ኣውጺአን ኣይፈልጣን ኢየን። ንሓቂ ምግልጋል ማለት እዚ እንተደኣኰይኑ ትርጉሙ፡ ይትረፈና ዘብል ኢዩ።

“ናታ ገዲፉስ ናይ ሓማታ” ክትዛረብ ዝሰልጠላ ኤሪ-ቲቪ ግን፡ ብዛዕባ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዘሎ ጥሜት፡ ውግእ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣጋኒና ክትዛረብ መሬት ኢዩ ዝዓርባ። ኤረ ሓድሓደ ግዜ'ስ ሕፍር ከይበለት፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰላም፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ካብ ናይ ኣመሪካ ዝበለጸ'ዩ ክትብለና ዝፈተነትሉ እዋን ውን ነይሩ ኢዩ።

ሎሚ ከኣ፡ ነቲ ብዘይ ናይ መኪና መዘወሪ ፍቓድ፡ ሰብ ቀቲልካ ሃዲምካ ከድካ ብዝብል ክሲ ተኣሲሩ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ፡ ናይ 6 ዓመት ማእሰርትን ገንዘባዊ መቕጻዕትን እተበየነሉ ፍሉጥ ኢትዮጵያዊ ደራፋይ ተዲ ኣፍሮ፡ ኤሪ-ቲቪ ክትከላኸለሉን ክትጣበቐሉን ትርአ ኣላ። ብዩ-ትዩብን ኣብ ሽወደን ብዝርከብ ቲቪ ራህዋ ዝተባህለ ናይ ኤርትራውያን ናይ ተለቪዥን መደብ ፈነወ ኣቢላ ውን ተዲ ኣፍሮ ክፍታሕ ኣለዎ ዝብል ጐስጓስ ከተካይድ ትስማዕ ኣላ።

እዚ ግን፡ ካብ ፍትሕን ንሓቂ ንምግልጋልን ዝብገስ ዘይኰነስ፤ ፖለቲካዊ ዕላማታት ዘለዎ ጐስጓስ ኢዩ። ተዲ ኣፍሮ ህቡብ ደራፋይ ስለዝኾነ፡ ብስሙ ኣቢልካ፡ ንኢትዮጵያውያን ኣንጻር መንግስቲ ኢህወደግ ንምልዕዓል ዝዓለመ ከንቱ ፈተነ ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ካብ'ቲ ልዕሊ ሕጊ ዝኾነ ባህርያት ናይ ስርዓት ኢሳያስ ዝነቅል ትርጉም ዘይብሉ ጐስጋስ ኢዩ። እቶም ኣብ ኤርትራ ንልዕሊ ደርዘን ዝኸውን ዓመታት ብዘይ ፍርዲ ተቐፊዶም ዘለዉ ኤርትራውያን ከም'ዛ ናይ ተዲ ኣፍሮ ዕድል እንተዝረኽቡስ ክንደይ ዓቢ ጸጋ ኮን ምቜጸርናዮ ኔርና።

ከመይ ቴዲ ኣፍሮ ጠብቓ ኣለዎ፡ ቴዲ ኣፍሮ ብ ተደጋጋሚ ግዜ ንቤት ፍርዲ ቀሪቡ ይበሃል። ብዛዕባ ቴዲ ኣፍሮ ኣብ ዝተፈላለየ ጋዜጣት፡ ኣብ ሬድዮ፡ መንግስታዊ ቴለቪዥን ከይተረፈ ይቃላሕ'ዩ። ቴዲ ኣፍሮ ንጉዳዩ ክጣበቕ በቒዑ ኣሎ። ከም ሰባት መጠን ከኣ፡ ብዛዕባ ክሱስን ከሳስን ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሓት

ክቃላሕ ሰሚዕናን ኣንቢብናን ፡ ከምኡ እቲ ፍርዳዊ መስርሕ ኣብ ዜና ይቃላሕ። ካብኡ ሓሊፉ ብዛዕባ ነጻን ዘይነጻ፡ ቅኑዕን ዘይቕኑዕን ንኢትዮጵያውያን ዝምልከት ጉዳይ’ዩ።

ከም’ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ቲቪ ኤረ፡ ካብ’ቶም ኣብ’ቲ ዓበይቲ ማእሰርቲ ዝርከቡ፡ ካብ ዒራ ዒሮ፡ ዳህላክ፡ ዶንጎሎ፡ ማይ ነፍሒ፡ ሰረጀቓ፡ ሰምበል፡ ዓዲኳላ፡ ዓላ፡ ኣብ ፈቐዶ በረኻታት ኣብ ኮንተይነር ተኣሲሮም፡ ብቀትሪ ብህሩርሮ ጸሓይ፡ ብለይቲ ከኣ ብቀዝሒ ነፍሶም ዝማስኑ ዘለዉ ዜጋታት፡ ክስታቶም ተፈሊጡ፡ ንፍርዲ ዝቀረቡ፡ ብመራኸቢ ብዙሓት ብዛዕብኦም ክዝረብ ንሓንቲ ክሊኢት’ኳ ተፈቂዱ ኣይፈልጥን፡ ብኣንጻሩ፡ ደሃዮም ከይፍለጥ፡ ሰንዳቶም ከይርከብ፡ ቤተ ሰቦም ከይሰምዑ ሓቂቆም ንምጥፋእ ተባሂሉ ዝፍጸም እከይ ተግብራት ህ.ግ.ዲ.ፍ ፈጺሙ መወዳድርቲ ዘይብሉ’ዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሓንቲ ናይ ጋዜጠኛታት ጕጅለ ናብ ሶማል ኣዋፊሩ፡ ብዛዕባ’ቶም ናብ የመን ብጀላቡ ዝሰግሩ ኢትዮጵያውያን ሪፖርታጅ ንምቕራብ ይሸባሸብ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ምስማዕና ኣስደሚሙና። ናይቶም ብምድረ-በዳታት ሱዳንን ሊብያን ኣቢሎም፡ ናብ ማልታን ዓዲጣልያንን ንምእታው፡ ኣብ ህዱእ ዘይኮነ ሰለስተ መዓልታት፡ ማዕበልን ንፋስን ኣብ ዘለወሉ እዋናት ድማ 5 መዓልታት ዝወስድ ሓደገኛ ጕዕዞን፤ ኣብ’ዚ ዝሃልቕ ዘሎ ህይወት ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ገዲፉስ፤ ናይ ኢትዮጵያውን ስደት ናብ የመን ከዕልለና ምምራጹ፡ ብርግጽ ኤሪ-ቲቪ ይኹን ስርዓት ኢሳያስ ኣገልገልቲ ናይ ሓሶትን ፕሮፖጋንዳን እምበር፡ ኣገልገልቲ ናይ ሓቅን ኣገልገልቲ ናይ ህዝቦምን ከምዘይኮኑ ዘረጋግጽ ተወሳኺ ኣብነት ኢዩ። ከም’ዚ ዝኣመሰለ ነገራት ምስ ኣጋጠሞም ኢዮም ኣበው “ጽምብላሊዕስ መቐመጫኣ ዘይከደነት፡ መሬት ከደነት” ክብሉ ዝመሰሉ።

ሰላም ንኩሉ
ሰላም ምስ ኩሉ

7 ታሕሳስ 2008
ኣንቶንዮ ተስፋይ